# ናይ ቅዱስ ሉዊስ ደ ሞንትፎርት
# ብማርያም ኣቢልካ ምሉእ ወፈያ ሕይወትካ ንኢየሱስ

## ናይ ዓሠርተው ኽልተ መዓልታት ንባባት
## [ንዓለም ምኽሓድ]

1ይ መዓልቲ ማቴዎስ 5:1-20
ሓቀይና ማርያማዊ መንፈሳውነት ቁ 1-12

2ይ መዓልቲ ማቴዎስ 5:21-48
ሓቀይና ማርያማዊ መንፈሳውነት ቁ 13-21

3ይ መዓልቲ ማቴዎስ 6:1-18
ሓቀይና ማርያማዊ መንፈሳውነት ቁ 22-30

4ይ መዓልቲ ማቴዎስ 6:19-34
ሓቀይና ማርያማዊ መንፈሳውነት ቁ 31-39

5ይ መዓልቲ ማቴዎስ 7:1-12
ሓቀይና ማርያማዊ መንፈሳውነት ቁ 40-48

6ይ መዓልቲ ማቴዎስ 7:13-29
ሓቀይና ማርያማዊ መንፈሳውነት ቁ 49-54

7ይ መዓልቲ ኢሚታስዮ 1ይ መጽሓፍ ምዕራፍ 13
ሓቀይና ማርያማዊ መንፈሳውነት ቁ 55-63

8ይ መዓልቲ ኢሚታስዮ 1ይ መጽሓፍ ምዕራፍ 18
ሓቀይና ማርያማዊ መንፈሳውነት ቁ 64-67

9ይ መዓልቲ ኢሚታስዮ 1ይ መጽሓፍ ምዕራፍ 25
ሓቀይና ማርያማዊ መንፈሳውነት ቁ 68-77

10ይ መዓልቲ ኢሚታስዮ 3ይ መጽሓፍ ምዕራፍ 10
ሓቀይና ማርያማዊ መንፈሳውነት ቁ 78-86

መበል 11 መዓልቲ ኢሚታስዮ 3ይ መጽሓፍ ምዕራፍ 40
ሓቀይና ማርያማዊ መንፈሳውነት ቁ 87-95

መበል 12 መዓልቲ ማቴዎስ ምዕራፍ 5
ሓቀይና ማርያማዊ መንፈሳውነት ቁ 96-104

******************

ነዚ መንፈሳዊ ጉዕዞ እዚ ብምልኣት ንምስታፍ ዘድልዩ መጻሕፍቲ:-

1. ቅዱስ መጽሓፍ
2. True Devotion to Mary with Preparation for total consecration (By St. Louis Marie De Grognion Montfort)
3. ንክርስቶስ ምምሳል (ኢሚታስዮ)
4. መና ጸሎታት ወይ ተመሳሳሊ መጽሓፍ ጸሎት
5. ብቅዱስ ሉዊስ ደ ሞንትፎርት ዝተኣዘዛ መዓልታዊ ዘድልያ ጸሎታት ብትግርይና ተተርጒመን በብሰሙነን ብOnline ኪዝርግሖ እየን

ኩሉ ኽብሪ ብማርያም ገይሩ ንዝመጸና ኣምላኽ ይኹን። ኣሜን።

**************

# ኣብዘን ዓሠርተው ኽልተ መዓልታት ዚግበራ
# መዓልታዊ ጸሎታት
# [ንዓለም ምኽሓድ]

## 1. ጸሎት እግዝእትነ ማርያም

(ሉቃስ 1:46-55)

ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ
መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኸይ፥
በቲ መድኃንየይ፥ ባህ ይብሎ።
ውርደት ባርያኡ ርእዩ እዩ እሞ እንሆ ኻብ ሕጂ ዅሎም
ወለዶ ብፅዕቲ ኺብሉኒ እዮም።
እቲ ዅሉ ዚኽእል፥
ዓበይቲ ነገራት ገይሩለይ እዩ እሞ፥
ስሙ ቕዱስ እዩ።
ምሕረቱውን ኣብቶም ዚፈርህዎ
ንውሉድ ወለዶ እዩ።
ብቕልጽሙ ኃይሊ ገበረ፤
ንዕቡያት ሓሳባት ልቦም በተነሎም።
ንኃያላት ካብ ዝፋናቶም ኣውረዶም፤
ንዝተዋረዱ ኸኣ ልዕል ኣበሎም።
ንጥሙያት ብበረኸት ኣጽገቦም፤
ንሃብታማት ከኣ ጥራይ ኢዶም ሰደዶም።
ከምቲ ነቦታትና፥ ንኣብርሃምን ንዘርኡን ዝነገሮም፥
ንዘለዓለም ምሕረቱ እናዘከረ፥
ንእስራኤል ባርያኡ ተቐበሎ።

## 2. ኦ ፈጣሪ መንፈስ ቅዱስ ንዓ

ኦ ፈጣሪ መንፈስ ቅዱስ ንዓ
ኣብ ነፍሳትናውን ኣዕርፍ
ነተን ዝፈጠርካየን ልብታት ንምምላእ
ብጸጋኻን ሰማያዊ ረድኤትካን ንዓ።

ናባኻ ናብቲ ዓቢይ ጰራቅሊጦስ ነእዊ
ኦ ናይቲ ኣዝዩ ዝዓበየ ኣምላኽ ዝለዓለ ህያብ
ኦ ምንጪ ሕይወት! ኦ እሳት ፍቕሪ!
ካብ ሰማይ ዝወረድካ ጥዑም ቅብኢ፤

በቲ ሾብዓተ ዕጽፊ ህያባትካ እትፍለጥ
ከም ኣጻብዕቲ ኣምላኽ እንቕበለካ
ተስፋ ኣቦ ዝኾንካ ንስኻ
ንልሣናት ብኃይሊ ትመልእ፤

ንስምዒታትና ካብ ላዕሊ (ሰማይ) ኣቀጻጽል
ልባትናውን ብፍቕሪ ከም ዜንጀርብብ ግበር
ብጽኑዕ ትዕግሥትን ብልዑል መንፈሳዊ ኃይልን
ንናይ ሥጋና ድኻም ምልኣዮ።

ንኣኻ ከም መራሒና ጌርና
ካብ መንገዲ ሕይወት ምእንቲ ኸይንዝንብል
ነቲ እንጽየፎ ተጻባኢና ካባና ኣርሕቐልና
ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ሓቀይና ሰላምካ ሃበና።

ንኣብን ንወልድን ኽንፈልጥ
ጸጋኻ ኣብ ልዕሌና ስደደልና

ናይ ኽልቲኦም ዘለዓለማዊ ብሩኽ መንፈስ
ንስኻ መወዳእታ ብዘይብሉ ወትሩ ተኣወጅ።

ኹሉ ኽብሪ ካብ ዘመናት ንዘመናት
ንኣብን፥ ነቲ ካብ ምዉታት ዝተንሥአ ወልድን፥
ንኣኻውን ኦ መንፈስ ቅዱስ፥
ብተመሳሳሊ ንዘለዓለም ይኹን። ኣሜን።

## 3. ሰላም ንኣኺ ኮኸብ ባሕሪ

ብሩህ ኮኸብ ውቅያኖስ
ዝተባረኽኪ ኣደ ኣምላኽ
ወትሩ ኃጢኣት ዘይብልኪ ድንግል
ናይ ሰማያዊ ዕርፍቲ መርሆ ዝኾንኪ ሰላም ንኣኺ።

ነቲ ካብ ገብርኤል ዝመጸ
ጥዑም ሰላምታ ተቐቢልኪ
ስም ሔዋን ቕዪርኪ
ሰላም ኣብ ውሽጥና ኣስፍኒ።

መቓውሕ ምሩኻት ስበሪ
ኣብ ዑረት ብርሃን ለኣኺ
ንኹሉ ሕማምና ኣባርሪ
ኹሉ ቡራኬውን ለምንልና።

ኣደነትኪ ኣርእዪ
እቲ ምእንታና ዝተወልደ
መለኮታዊ ቃል ዝኾነ ሕፃንኪ
ብኣማላድነትኪ ጸሎትና ይስምዓልና።

ካብ ኵሉ ዝለዓልኪ ድንግል
ካብ ኵሉ ልምላመ ዝለምለምኪ
ካብ በደል ተናጊፍና
ንፁሓትን ዘይተበላሸዉ ኽንከውን ሓልውና።

ኣብ ኢየሱስ
ንዘለዓለም ሓጐስ ክሳዕ ንረክብ
ንሕይወትና ብኹሉ ብዘይመንቅብ ሓልዊ
ንመገድናውን ውሑስ ግበሪ።

ብዝለዓለ ሰማይ ኣቢሉ
ነቲ ከኣል ኵሉ ሥላሴ
ኣብን፥ ወልድን፥ መንፈስ ቅዱስን
ሓደን ማዕረን ኽብሪ ይኹን። ኣሜን።